# ወለዲ አክቲቭ

## አድራሻን መራኸቢን
## ረፉግዮ ሙንሽን-
## ናይ ወለዲ ሥልጠና/ ኣስተምህሮ(ትረይኒንግ)
## ብቋንቋ ኣደ


Elsässer Str. 33
81667 Munich

Frau Melisa Budimlic

089 . 98 29 57 - 50

Frau Barbara Reich

089 . 98 29 57 - 37

089 . 98 29 57 - 53

www.refugio-muenchen.de


## ኩሉ ካልኦት ናይ ረፉግዮ ሙንሽን አቕርቦታት


Rosenheimer Strasse 38
81669 Munich

089 . 98 29 57 - 0

089 . 98 29 57 - 57

office@refugio-muenchen.de


Landkreis München

REFUGIO MÜNCHEN

ELTERN AKTIV

# ወለዲ አክቲቭ

TIGRINYA



## ብቋንቋ ኣደ ዝግበር ናይ ወለዲ ሥልጠና/ ኣስተምህሮ(ትረይኒንግ)

ንበይንኻን ኣብ ግሩፖን ንቶም ናይ ስደትን ሚግራሲዮንን(ፍልሰትን)ሕሉፍ-ታሪኽ ዘለዎም ወለዲ

**ዝነብሩሉ ዓዲ ብዘየገድስ ወለዲ ንደቆም የዕብዩ, ይቐጽዑን ይፈትዉን. ወለዲ ደቖም ብጽቡቕ ንኽነብሩሎም ኹሉ ዘድሊ ነገር ይገብሩ.**

# ሚግራሲዮን(ፍልሰት) ንወለዲን ንደቆምን ብዙሕ ለውጥታት የምጽእ

## ዕላማታት

ናይ እቲ ብቛንቋ ኣደ ዝግበር ናይ ወለዲ ሥልጠና/ ኣስተምህሮ (ትረይኒንግ):

- ስደት ኣብ እቲ ቤተሰብ ዘምጽኦ ሳዕቤን ኣብ ግምት ምእታው
- ኣብቲ ናይ ሚግራሲዮን(ፍልሰት) ኩነታት ነቶም ወለዲ ምሕጋዝ:
  - ምስ ደቆም ጽቡቕ ምትእስሳርን ርክብን ክህሉ ምግባር
  - መዓልታዊ ዝኾነ ኣብ ቆልዓ ምዕባይ ዝፍጠሩ ጸገማት ምእላይ
  - ምስ ደቖም ዘለዎም ዘይምስምማዕን ዘይምርድዳእን ምፍታሕ

## ተወሳኺ ዕላማታት ናይቲ ሥልጠና/ ኣስተምህሮ (ትረይኒንግ)

ቆልዑ ልክዕ ከም ኣብ ዓዶም

- ንወለዶም ከኽብርዎምን ክሰምዕዎምን
- ኣብ ትምህርትን ኣብ ናይ ሞያ ህይወትን ዓወት ክህልዎም
- ኣብ ጀርመን ብጥዕናን ብኽንክንን ክዓብዩ

## መን ኣብቲ ሥልጠና/ ኣስተምህሮ(ትረይኒንግ) ክሳተፍ ይኽእል?

ወለዲ:

- ናይ ሚግራሲዮን(ፍልሰት)ሕሉፍ-ታሪኽ ዘለዎም
- መቐመጢኦም ኣብ ከባቢ ሙንሸን ዝኾነ
- እንተውሐደ ሐደ ካብ 0 ክሳብ 13 ዕድሚኡ ቆልዓ ዘለዎም

## ዝወስዶ ጊዜ

- 2 ሰዓት ኣብ ሰሙን
- ብሐፈሻ 12 ናይ ሥልጠና/ ኣስተምህሮ(ትረይኒንግ) ግዜ

## ዋጋ

- ንወለዲ ብነጻ

## ንወለዲ ብናይ ኣዲኦም ቛንቛ ሐበሬታ ንህብ ንኣብነት ብዛዕባ

- መዎዕለ-ህጻናት(ኪንደርጋርደን)-, ሥርዓት-ትምህርትን ሥርዓት-ጥዕናን(ናይ ጥዕናስይስተም) ኣብ ጀርመን
- ካልኦት ናይ ሐገዝ ኣቕርቦታት ኣብ ጀርመን
- ምዕባይ ቆልዓ ብዝምልከት ዘሎ መሰልን ግዴታን ኣብ ጀርመን
- መጠን ዘለዎ ኣጠቓቕማ ናይ ቲቪ, ቴለፎን, ስማርትሞቢል, ፈይስቡክ, ኢንተርነትን ናይ ኮምፒዩተር ጸወታን ከምኡውን ኣብ ዕብየት ቆልዓ ዘለዎ ሳዕቤን